## (ካብ ምምሕዳር ከተማ ስያትል ብዛዕባ (ሱናሚ) ሞግደ-ባሕሪ ዝተዋህበ መጠንቀቕታ)

**ትሕዝቶ ሓበሬታ፡** ኣብ ዋሺንግተን ስተይት ገማግም ሰላማዊ ውቅያኖስ ናይ ሱናሚ(ሞግደ-ባሕሪ) ማዕበል ከም ዘሎ መጠንቀቕታ ተዋሂቡ ኣሎ። ሱናሚ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ብዘጋጠመ ምንቅትቃጥ መሬት ምኽንያት ናብ መሬት ኣቢሉ ዝውንጨፍ ናይ ባሕሪ ማዕበል እዩ። እዚ ማዕበል'ዚ ብርቱዕ ናህሪ ክህልዎ ስለዝኽእል ኣብ ሰብን ንብረትን ብዙሕ ጉድኣት ከምጽእ ይኽእል'ዩ።

**እንታይ ክትገብሩ ከም ዘለኩም፡**

- ኣብ ግማገም ባሕሪ እንተድኣ አሎኹም'ሞ ኣብኡ ከለኹም ምንቅጥቃጥ መሬት እንተድኣ ተሰሚዑኩም ኣብ ትሕቲ ጠረጴዛ ብምእታው ንርእስኹም ክትካላኸሉ ፈትኑ። ኣብ'ኡ ከለኹም ምንቅጥቃጥ መሬት እንተድኣ ኣጋጢሙ ምስኡ ተኸቲሉ ሱናሚ ክመጽእ ከም ዝኽእል ምፍላጥ የድሊ።ስለ'ዚ ኣቲ ናይ መሬት ምንቅጥቃጥ ደው ምስበለ ናብ በሪኽ ቦታ ኣቢልኩም ክትጎዩ ኣለኩም።ኣብ ከባቢኹም በሪኽ ቦታ እንተድኣ ዘየለ ወይም'ውን ንምህዳም ግዜ እንተዘይብልኩም ናብ ላዕላይ ደርቢ ናይ'ቲ ህንጻ ደይቡ።
- ንክትወጹ ምስተኣዘዝኩም ብቕልጡፍ ከም ትወጹ። ካብ ገዛኹም ወጺኣኩም ኣየናይ መንገዲ ክትክተሉ ከም ዘለኩም ዝሕብር ምልክታት ክህሉ ስለ ዝኽእል ነቲ ምልክት ተኸቲልኩ ተጓዓዙ።
- ብማኪና ክትሃድሙ ኣንተድኣ ዘይክኢልኩም ብእግርኹም ናብ ቀረባኹም ዘሎ በሪኽ ቦታ ኣቢልኩም ህደሙ። ቀላያትን ረግረግ ቦታታትን ከዕለቕልቑ ስለዝኽእሉ ካብኦም ምርሓቕ።
- ብሬድዮ ዝወሃብ ህጹጽ ሓበሬታ ምክትታል።
- ***ብዛዕባ'ዚ ዝተዋህበ ሓበሬታ ክሰምዕ፣ ክርኢ/ክንብብ ወይ ድማ ናይ ምርዳእ ጸገም ዘለዎ እትፈልጡዎ ሰብ ኣንተድኣ ኣሎ ኮይኑ እዚ ሓበሬታ እዚ ከተማሓላልፉሉ/ከተመሓላልፉላ ንላቦ።***

***ኣገደስቲ ሓበሬታታት ንምርካብ ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ወብ-ሳይታት ተመልከቱ:***

http://mil.wa.gov/emergency-management-division/hazards/tsunami

http://www.tsunamiready.noaa.gov/

http://www.ready.gov/tsunamis